ወተርሉ፡ በልጁም
24 ግንቦት 2023

**መልእኽቲ መበል 32 ዝክረ-ዓመት ናጽነት ኤርትራ**

ኣምባሳደር ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡
ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡

ምዉቕ ሰላምታ ብምቕዳም፡ ኣብዚ መበል 32 ዝክረ-ዓመት ናጽነት ሃገርና ብዓቢ ሓበን እንጽንብለሉ ዘለና ዕዙዝ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ምዉቕ ዮሃናን ሰናይ ትምኒት ንርሑስ መዓልቲ ናጽነትን እገልጽ።

24 ግንቦት 1991 ሓርነት መላእ መሬት ኤርትራ ዘበሰረት ታሪኻዊት መዓልቲ ሓበን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኢያ። ኣብ 24 ግንቦት 1993፡ ኤርትራ ሃገርና፡ ድሕሪ ናይ ልዕሊ ሓደ ምሉእ ዘመን ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ልዑላዊ ናጽነት ተጐናጺፉ። እቲ ብዓቢ መስዋእቲ ጅጋኑ ሓርበኛታትን መዘና-ኣልቦ ጽንዓት ህዝብን ዚተሓፍሰ ዕዙዝ ታሪኻዊ ዓወት፡ ሃልሃልታ ሽግ ተስፋ ንሓርነት፡ ንፍትሒ፡ ንራህዋ ወሊዑ።

ሎሚ ዓመት፡ እዚ ታሪኻዊ ፍጻሜ'ዚ፡ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንኹሉ'ቲ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ከንጸላሉ ዚጸንሐ ሓደገኛ ደበና ስግኣት ዘባውን ኣህጕራውን ተጻብኦታት ብዓወት መኪቱ ኣብ ዘዳኸመሉ፣ ኣብቲ ዞባ ንድሕነት ሃገረ ኤርትራ ዘርብሕ ሓድሽ ኣሰላልፋ ሓይልታትን ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይልን ኣብ ዘምጽኣሉ እዋን ይጽንበል ብምህላዉ፣ ፍሉይ ዕዙዝነት ኣለዎ። ኵሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይሃሉ ኣብ ወጻኢ፡ ብዓቢ ድምቀትን ሓበንን ኪጽንብሎ ድማ ግቡእ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ'ቲ ብፍጹም ዓወት ዚዛዘሞ ዚተናውሐ ኲናት ሃገራዊ ሓርነት፣ ደግሲ ኣስፋሕፉሒ ወራር መኪቱ፣ ኣደራዕ ዘቤታዊ ጭቈናን መድቈስትን ተጻዊሩ፣ ጐበጣ መሬቱ ኣልዩ፣ ደበና ስግኣት ሃገራዊ ልዑላውነት ዘሪጉ። ኣብቲ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ነጋሪት ኲናት ዚተሃርመሉ እዋን፡ ነቶም መጋበርያ ጸላኢ ዚኾኑ፡ ምስቲ ባዕዳዊ ጐባጢ ዚወገኑ፡ ተጻባኢ ኣጀንድኡን ናይ ጠቕነ ትረኽኡን ዘቃልሑ ገዲፍካ፣ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ፡ ነቲ ሓደጋ ወራር ብዓወት ንምምካት፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቡን ጅግና ሓይልታት ምክልኻሉን ምስላፉ፡ ዘሐብን ሓርበኛዊ ታሪኽ ኢዩ።

ከምቲ ኣብቲ እዋን ኲናት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገር ንምውሓስ፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቡን ሰራዊቱን ደው ዚበለ፣ ኣብ እዋን ተዛማዲ ሰላም'ውን፡ ኵሉ ሓርበኛ ኤርትራዊ፡ ግዝኣተ ሕጊ፡ ሓርነት፡ ፍትሒ፡ ራህዋ ዘስፍን ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ ብንቕሓት ኪቃለስ ይግባእ። ስለምንታይ፧ ብመሰረቱ፡ ምርግጋጽ ልዑላውነት ሃገርን ልዑላውነት ህዝብን ዘይነጻጸሉ ረቛሒታት ምውሓስ ነባሪ ድሕነትን ብሩህ መጻእን ሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ስለ ዚኾኑ።

ብመንጽር'ቲ ኣብተን ካብ መግዛእቲ ዚተላቐቓ ናጻ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘጋጠመ ፍሽለት፣ ኤርትራ ኣብ 1991 ሓራ ምስ ወጸት፣ ከምቲ ኣብ ኲናት ሓርነት፡ እንተላይ ኣብ ሰላማዊ ዳግመ-ህንጻን ማሕበረ-ቍጠባዊ ልምዓትን፡ ኣብነት ዕዉት ኣፍሪቃዊ ታሪኽ፣ ኣርኣያ ሓርነት፡ ፍትሒ፡ ልምዓትን ራህዋን ኣብ ኣፍሪቃ ኪትከውን፣ ዓቢ ተስፋ፡ ትጽቢትን ተኸእሎን ነይሩ። እቲ ዚተነብረ ተስፋ ተጨቢጡ ዶ በኒኑ፧ ስለምንታይ፧ ነዚ ሕቶ'ዚ ብግቡእ ንምምላስ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓይነታዊ ገምጋም (qualitative assessment) ዝኾነት ህላዌ ህዝብና ጥራይ፡ እንተላይ ኣብ ዓቐናዊ ጭብጥታት (quantitative data) ዝኾነት

ህላዌ ሃገርና ምምርኳስ ዝያዳ ውድዓዊ ስእሊ ስለ ዘህብ፣ ንህሉው ኩነት ኤርትራ ብመንጽር ህሉው ኩነት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘመልክት ኣብነት መምዘኒታት ምውካስ ኣድሉዪ ይኸውን።

ብመሰረት እቲ ኣብ ጥሪ 2023 ዚወጸ፡ ንዚሓለፈ 10 ዓመታት ዚሸፍን፡ *ሓባሪ ኣፍሪቃዊ ምሕደራ ሞ ኢብራሂም* [Mo Ibrahim African Governance Index (2012-2021)]፦ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ኩለን እተን ሽዱሽተ (6) መምዘኒ ምድባት፡ ንሶማልያን ደቡብ ሱዳንን ገዲፍካ፡ ትሕቲ ኩለን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ትስራዕ።

| ምድብ | ደረጃ |
|---|---|
| 1. ውሕስነት፡ ድሕነት፡ ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን | 52/54 |
| 2. ተሓታትነት፡ ግሉጽነት፡ ጸረ-ብልሽውና | 54/54 |
| 3. ተሳትፎ፡ መሰላት፡ ሓቝፍነት፡ ማዕርነት፡ እንተላይ ማዕርነት ደቀንስትዮ | 52/54 |
| 4. ሰረት ቍጠባዊ ዕድላት፡ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ሃዋህው ዋኒንን ዕዮን፡ ትሕተቅርጺ፡ ገጠራዊ ቍጠባ | 51/54 |
| 5. ሰብኣዊ ምዕባለ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ሓለዋን ድሕንነትን፡ ሰሳኒ ኣከባቢ | 49/54 |
| 6. ኣጠቓላሊ ደረጃ ምሕደራ፡ | 52/54 |

ኤርትራ ስለምንታይ ድሕሪት ተሰሪዓ፧ ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ካልኦት ህዝብታት ኣፍሪቃ ስለ ዝሓምቐ ዲዩ፧ ኣይፋል፡ መንፍዓቱ፡ ሃገሩ ብምሕራር ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብ ስደት ንልምዓት ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ብምብርካት፡ ዘመስከረ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ (1) ውሕስነትን ድሕነትን ዘረጋግጽ፣ (2) ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን ዘስፍን፣ (3) ተሓታትነትን ግሉጽነትን ዘዘውትር፣ (4) ብልሽውና ዚጻረር፣ (5) ተሳትፎ ዘኽእል፡ መሰላት ዚሕሉ፡ ህዝቢ ዚሓቍፍ፡ ማዕርነት ዘውሕስ፣ (6) ርትዓዊ ህዝባዊ ምምሕዳር ዘሰላስል፡ ምቹእ ሃዋህው ዋኒንን ዕዮን ዘጣጥሕ፡ ምዕቡል ኣካላውን ማሕበራውን ትሕተቅርጺ ዚዝርግሕ፡ ሃገራዊ ቍጠባ ዘማዕብል፣ (7) ግቡእ ሓለዋ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ሓለዋን ድሕንነትን ዘቕርብ፡ ኣከባቢ ዘሰስን ሰናይ ምሕደራ እንተ ዚዋደደሉ ነይሩ፣ ኤርትራ ሎሚ ኣብ ክንዲ ኣብ ድሕሪት፡ ኣብ ቅድሚት ምስተሰርዐት ነይራ። እቲ ጠንቂ ድሕረት ሕማቕ ምሕደራ ምዃኑ ከም ሓቚቕ ንጹር ኢዩ።

ርግጽ፡ ኤርትራ፡ ኣብዘን ዚሓለፋ 22 ዓመታት፡ ከም ጐበጣ ክፋላት ልዑላዊ ግዝኣታ፡ ኩነተ 'ኣይኲናት፡ ኣይሰላም'፡ እገዳ፡ ዚኣመሰሉ ግዳማዊ ተጻብኦታት ኣጋጢሙዋ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ግዳማዊ ተጻብኦታት፡ ኣሉታዊ ጽልዋ'ኳ እንተነበሮ፣ ቅርዑይ ዘቤታዊ ሜላታትን ተግባራትን ንዘይ ምስልሳል፣ ማለት፡ ቅዋም ንዘይ ምትግባር፡ ግዝኣተ ሕጊ ንዘይ ምስፋን፡ ሰናይ ምሕደራ ንዘይ ምትካል፡ ዘቤታዊ ወፍርን ግዳማዊ ቀጥታዊ ወፍርን ዘተባብዕ ሕጋዊ መቓን ንዘይ ምውዳድ፡ ብቑዕ ወይ እኹል መመኽነይታ ኣይነበረን። እቲ መሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ሕማቕ ምሕደራ ኢዩ። ሓሳድ ምሕደራ ኣብ ህዝብና ድኽነት ኣስፊሑን ኣዕሚቑን፡ መጉሃይ ፈተውትን መወራዘዪ ጸላእትን ገይሩና።

ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኣብ ሃገራዊ ረብሓ ዚተመስረተ ኢዩ። ኣብዚ ዓለምና ካብ እንኮ-ዋልታዊ (unipolar) ናብ ብዝሐ-ዋልታዊ (multipolar) ስርዓት እትሰጋገረሉ፣ መሰረት ዓለምለኻዊ ቍጠባ ካብ ነገራት ናብ ፍልጠት ዚቕየረሉ ዘሎ ስርዓተ-ኣልቦ መድረኽ'ዚ፣ ኤርትራ ምስ ኩለን ሃገራት፡ እንተላይ እተን ዓበይቲ ሓያላት፡ ብንቡር ዘዋስእ፡ ናጻ ዘይሻራዊ ግዳማዊ ሜላ ኪትከተል ንሃገራዊ ረብሓ ብዝያዳ ዘዕዝዝ ኢዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (ሕመኣ) ብወገና፡ ክንዮ ጽልኢ ስርዓት ኢሳያስ ዚኸይድ፣ ንረብሓ ሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ግቡእ ግምት ዚህብ፣ ምዙን ሜላ ኪትክተል ይግባእ። ብፍላይ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘንበረቶ ዘይፍትሓዊ በይናዊ እገዳ ከተልዕል፣ ነቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትኽተሎ ንልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ዚጻረር፡ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዚጻባእ፡ ውክልናዊ ኲናት ዘሳውር ሻራዊ ሜላ ዳግመ-ግምት ኪትገብር ተደላይነት ዘባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ርግኣትን ይጠልብ።

ኣብቲ ናይ ቀረባ ጉደቦና፡ ኢትዮጵያ ተቐናቐንትን ኣሰላልፋ ሓይልታትን እናቐያየረ ብዚካየድ ቀጻሊ ኲናታት ሓድሕድን ጃምላዊ መቐተልትን ትሕመስ ኣላ። ሱዳን ብወገና፡ ብሓደገኛ ኲናት ሓድሕድ ትናወጽ ኣላ። ውሽጣዊ ቅልውላዋት ኢትዮጵያን ሱዳንን ብልዝብ ኪፍታሕ፣ ኣህጉራዊ ኮም ኲነ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ህውከት ዘሳውር ጣልቃነት ዘይኮነስ፡ ድሕነት ህዝቢ ዘውሕስን ነባሪ ፍታሕ ዘምጽእን ኣበርክቶ ኪገብሩ ይግባእ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኤርትራ፡ ወግዓዊ ተፈላጥነት መግዛእታዊ ዶባ ከተረጋግጽ፣ ሜላ ንቡር ሰላማዊ ሓባረ-ህላወን ጽቡቕ ጕርብትናን ኪትክተል፣ ምሉእ ዓቕማ ዘቤታዊ ሽግራታ ኣብ ምፍታሕ፡ ቍጠባኣ ኣብ ምምዕባል፡ መነባብሮ ህዝባ ኣብ ምምሕያሽ፡ ከተዋፍር ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ድሕነት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ከተውሕስ ይግባእ።

ዕላማ ቅኑዕ ሃገራዊ ተቓውሞ፡ ኣብ ውሽጢ ኲነ ኣብ ወጻኢ፣ ኣብ ክንድ'ቲ ኣብዘን ዚሓለፋ 32 ዓመታት ንሃገር ንድሕሪት ዚጐተተ ሜላታትን ተግባራትን መንግስቲ፣ ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን ዘሰፍን፣ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ዘኽብር፣ ሰብኣዊ ርእሰማል ብዘመናዊ ስነፍልጠት፡ ስነኪነትን ግብራዊ ክእለትን ዚሃንጽ፣ መንግስታዊ ፋይናንስ፡ ሃገራዊ ሃብትን ባህርያዊ ጸጋታትን ብተሓታትነትን ግሉጽነትን ዘመሓድር፣ ማሕበረ-ቍጠባዊ ልምዓት ዘሰስን፣ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ ቅዋማዊ ምሕደራ ምድራኽ ኢዩ። ኣብዚ፡ ቃልሲ ንቅዋማዊ ምሕደራ፡ ኣብ ንጹር ሓባራዊ መትከላት፡ ራእይን ፕሮግራምን ዚተመስረተ፡ ድልዱል ውዳበን ሓያል ጥርናፈን ዚጠልብ ዕቱብ ፖለቲካዊ ስራሕ ምዃኑ ከስምረሉ እፈቱ።

በዚ ዕዙዝ ኣጋጣሚ'ዚ፡ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነባሪ ሰላምን ንቡር ክልተኣዊ ዝምድናታትን ንምስፋን፡ ነቲ ብመግዛእታዊ ውዕል ዚተደረተ ሓባራዊ ዶብን ወግዓዊ ኣፍልጦ ብምሃብ፣ ምስቲ *መምርሒታት ምምልካት ዶብ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን* ብዘሳኒ ኣገባብ፡ ኣካላዊ ምምልካት ሓባራዊ ዶብን ንምግባር ኪሰማምዓ ኣማሕጽን።

ኣህጉራዊ ኮም ነቲ ክልቲኣን ሃገራት ዚሰማማዓሉ ሓባራዊ ዶብ ወግዓዊ ደገፍን ኣፍልጦን ኪህብ፣ ሕመኣ ብፍላይ ድማ፡ ንግዝኣታዊ ምሉእነት ሃገረ ኤርትራ ዚግህስ፣ ንሰራዊት ኤርትራ ካብ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ከንሳሕብ ዚጽውዕ፣ ኣብቲ ዞባ ኲናት ዚትኹትኹ መግለጺታት ካብ ምውጻእ ኪትቍጠብ ኣማሕጽን። ምኽንያቱ፡ ባድመን ከባቢኣን ኲነ ኰሉ'ቲ ካብቲ ታሪኻዊ መስመር መረብ-በለሳ-ሙና ንሰሜን ዚዝርጋሕ ቦታታት፡ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት ኲነ መጽናዕቲ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ምዃኑ ኣዳዕዲዓ ስለ እትፈልጥ።

ኰሉ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ህዝቢ ኤርትራ ዚደሊ ኤርትራዊ፡ ብውዱብ መልክዕ፡ ብናይ ሓባር መትከላት ተጠርኒፉ፡ ግዳማዊ ምትእትታው ዚነጽግ፣ ብኤርትራዊ ዋንነት ዚእለ ሃገር-በቈል ለውጢ ብምምጻእ፡ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚተመስረተ መንግስታዊ ስርዓት ንምትካል ኪሰርሕ ብጹእ ዜግነታዊ ግቡእ ከም ዘለዎ ኣተሓሳስብ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ኰሉም ህዝብታት፡ *ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ዘሰፍን ሰናይ ምሕደራ* ይግብኦ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ከቢሩ ኪነብር፡ ንመንግስቲ ኪድግፍ ወይ ኪቃወም፡ መሰል ኣለዎ። ድሕነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገር ዘውሕስ፣ ሰብኣዊ ድሕነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ዘዕዝዝ፣ ሰናይ ምሕደራ ዘሰፍን፣ ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ንምድራኽ ብንቕሓት ኪቃለስ ዜግነታዊ መሰልን ሃገራዊ ግቡእን ከም ዘለዎ ደጊመ ኣዘኻኽር።

ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!

ደጊመ፡ ርሑስ መዓልቲ ናጽነት።